# ፕረዚደንት ኢሰያስ ኣፈወርቂ ወረቐት ስራሕ ናይ ኣርባዕተ ኣምባሳደራት ተቐቢሉ።

--------------0--------------

**ፕረዚደንት ኢሰያስ ኣፈወርቂ ናይ ክልተ ሓደስትን ናይ ካልኣት ክልተ ተካእትን ኣምባሳደራት፣ ወረቐት ስራሕ ሎሚ (16 ሓምለ) ተቐቢሉ።**

ኣምባሳደር ዒራቕ ኣሰይድ ጣሃ ያሲን ሓሰን ኣልበስሪን ኣምባሳደር የማን ኣሰይድ ዓብደላ ቢንሓምዳን ማርዙክን፣ ሃገራቶም ምስ ኤርትራ ዘለወን ዝምድና ብዝያዳ ንምድልዳል ንፈለማ ግዜ ኣብ ኤርትራ ኣምባሳደራት ኮይኖም ዝተመዘዙ እዮም። ክልቲኦም ተንቀሳቓሰስቲ ኣምባሳደራት ኮይኖም ቀዋሚ ቤት ጽሕፈቶም ድማ ኣብ የመን እዩ።

ኣምባሳደር ኣልጀርያ ኣሰይድ ዓብደልፈታሕ ዘያኒን ኣምባሳደር ሞሮኮ ኣሰይድ ዓብደለጢፍ ሚለንን ድማ ነቶም ናይ ስራሕ ግዚኦም ዘብቐዐ ኣምባሳደራት ብምትካእ ወረቐት ስርሖም ንፕረዚደንት ኢሰያስ ኣረኪቦም። እዚኦም እውን ተንቀሳቓሰስቲ ኣምባሳደራት ኮይኖም ቀዋሚ ቤት ጽሕፈቶም፣ ኢምባሲ ኣልጀርያ ኣብ የመን፣ ኢምባሲ ሞሮኮ ድማ ኣብ ምስሪ እዩ።

ፕረዚደንት ኢሳያስ፣ ወረቐት ስራሕ ናይቶም ኣምባሳደራት ኣብ ዝተረከበሉ ግዜ፣ ኤርትራ ኽልተኣዊ ዝምድና ምስተን ሃገራት ክምዕብል ከምትሰርሕን ኣብ ስርሖም ዘድሊ ምትሕግጋዝ ከምዝገብረሎምን ኣረጋጊጹሎም።

ብፍላይ ኣብ መንጎ መንግስቲ ኤርትራን መንግስቲ ኣልጀርያን ኣቐዲሙ ዝተበጽሐ ክልተኣዊ ስምምዕ ምትሕግጋዝ ብዝያዳ ንምድልዳል ብክልቲኡ ወገን ጽቡቕ ድሌት ከምዘሎ ካብ ሚኒስትሪ ጉዳያት ወጻኢ ዝተረኽበ ሓበሬታ ኣረዲኡ።

--------------------ኣ.ዜ.ኤ----------------